# ጸረ-ኢንፍሉዌንዛ ክታበት

## ሓበሬታ ነፍሰ-ጾራት

ከም ነፍሰ-ጾር መጠን ጽኑዕ ሕማም ኢንፍሉዌንዛ ኪሕዘኪ ዝያዳ ሓደጋ ኣሎ። ስለዚ: ድሕሪ መበል 16 ሰሙን ጥንስኺ ጸረ-ኢንፍሉዌንዛ ክታበት ክትክተቢ ይግባእ። ክታበት ንጥንሲ ወይ ንዕቤት ዕሸል ኣይጸሉን'ዩ።

## ኢንፍሉዌንዛ ንነፍሰ-ጾራት ሓደገኛ'ዩ

እተን ዝበዝሓ ኣብ እዋን ጥንሰን ኢንፍሉዌንዛ ዚሕዘን ነፍሰ-ጾራት ኣዝየን'ኳ እንተ ዘይሓመማ: ብጽኑዕ ኪሓምማ ወይ ኪሞታ ዘሎ ሓደጋ: ምስ ካልኦት ጥዑያት ሰባት ኣወዳዲርካ: ዝይድ ይብል።

### ነፍሰ-ጾራት ኪኽተባ ይግባእ

ትካል ህዝባዊ ጥዕና **(Folkhälsomyndigheten)** ነፍሰ-ጾራት ጸረ-ኢንፍሉዌንዛ ክታበት ኣብ ወርሓት ጥቅምቲ-ጥሪ ኪኽተባ ምኽሩ ይህብ። ክታበት ድሕሪ መበል 16 ሰሙን ጥንሲ ኪውሰድ'ዩ ዚምረጽ፤ ምኽንያቱ: ጽኑዕ ሕማም ኢንፍሉዌንዛ ኣብ ዳሕረዋይ እዋን ጥንሲ ኪኸሰት ዘሎ ሓደጋ ይዛይድ።

ንጽኑዕ ሕማም ኢንፍሉዌንዛ ከቃልዓኪ ዚኽእል ካልእ ዚርቋሕ ሓደጋ እንተሎ ግን ቅድም ኢልኪ ክትክተቢ ንመክር። ከም ረቛሕታት ሓደጋ ዚቝጸሩ ከም ሕዱር ሕማም ሳንቡእ: ሕማም ሽኮር ወይ ሕሉፍ ምኽሳዕ (ርጉዲ) ዝኣመሰሉ ኪኾኑ ይኽእሉ። እዚ ክታበት ኣብ እዋን ጥንሲ ክትወስዶ ዘተኣማምን'ዩ።

## ክታበት ኣብ ዕሸል ጽልዋ ኣይገብርን'ዩ

ዘይተወልደ ዕሸል (ድቂ) ብኽታበት ኣይጽሎን'ዩ። ሓያለ መጽናዕትታት ምርምር ከም ዘብርህዎ: ኣብ ዝተኸትባ ነፍሰ-ጾራትን ዘይተኸትባ ነፍሰ-ጾራትን ዚረኣ ዕቤት ዕሸል ምንም ፍልልይ የብሉን።

## ክታበት ንናጽላ ቈልዓ'ውን ካብ ሕማም ይከላኸል

እንተ ተኸቲብኪ: እቲ እትወስድዮ ክታበት: ኣብተን ሒደት ኣዋርሕ ድሕሪ ወሊድ ዘሎ ወቕቲ ንዕሸልኪ'ውን ብመጠኑ ካብ ኢንፍሉዌንዛ ይከላኸለሉ'ዩ። ናይዚ ምኽንያት ከኣ እቶም ኣብ ነብስኺ ዚፍጠሩ ጸረ-ኣካላት **(antikroppar)** ኣብ እዋን ጥንሲ ናብ ድቅኺ ስለ ዚመሓላለፉ'ዩ። ብተወሳኺ ኢንፍሉዌንዛ ሓሚምኪ ናብ ዕሸልኪ ከተመሓላልፊ ዘሎ ሓደጋ ይንኪ።

## ጐድናዊ ሳዕቤኑ ፈኲስ'ዩ

ክታበት ኢንፍሉዌንዛ ጐድናዊ ሳዕቤን ኣሎዎ፤ ግን ካብቲ እትቃልዖ ጐድናዊ ሳዕቤን ተኸቲብካ እትረኽቦ ረብሓ ይምዝን። እቶም ዚኸሰቱ ልሙዳት ጐድናውያን ሳዕቤናት ፈኮስቲ'ዮም ቀልጢፎም ከኣ ይሓድጉ (ዚሰዕብ ዓምዲ ተመልከቲ)።

ካብቲ ክታበት ኢንፍሉዌንዛ ኣይለግበካን'ዩ። ኣብ መንጎ ወቕታዊ ክታበት ኢንፍሉዌንዛን ሕማም ድቃስን **(narkolepsi)** ምንም ምትእስሳር የለን።
ልሙዳት ጐድናውያን ሳዕቤናት:- (እንተ ወሓደ 1 ካብ 100 ዝተኸተቡ): ኣብቲ መርፍእ ዚውጋእ ክፍሊ ኣካል: ቍሩብ ዘቖንዙ ቅይሕ ዝበለ ሕበጥ: ረስኒ: ምቝራር: ረሃጽ: ቃንዛ ጭዋዳን መዓጽፎን።

**Smittskydd Västra Götaland**

Södra Älvsborgs Sjukhus
501 82 Borås
Tfn 010 – 441 24 31
Fax 033 – 10 04 92

Kaserntorget 11 B
411 18 Göteborg
Tfn 010 – 441 24 00
Fax 031 – 13 37 95

Skaraborgs Sjukhus
541 85 Skövde
Tfn 010 – 441 24 27
Fax 0500 – 43 24 99

Uddevalla Sjukhus
451 80 Uddevalla
Tfn 010 – 441 24 23
Fax 0522 – 131 82

E-post
smittskydd@vgregion.se
Webbsida
www.vgregion.se/smittskydd

ዘይልሙዳት ወይ ብዙሕ ዘየጋጥሙ ጐድናውያን ሳዕቤናት:- ኣለርጂ (ቍጠዐ ኣካል) ፡ ሰሓ: ሽፍታ ወይከኣ ቃንዛ መትኒ።

## ኩሉ ሰብ ኣይክተብን

ኣብቲ ክታበት ውሑድ መጠን ፕሮቲን እንቋቝሖ ኪህሉ ይኽእል'ዩ፤ ምኽንያቱ ዚበዝሑ ክታበታት ኢንፍሉዌንዛ: ኣብ እንቋቝሖ ደርሆ ዝፈረዩ ቫይረሳት ኢንፍሉዌንዛ ብምጥቃም'ዮም ዚዳለዉ። ሓያል ዝኾነ ኣለርጂ እንቋቝሖ እንተሎኪ ምስ ሓኪም ርክብ ግበሪ። ካልእ ኣብቲ ክታበት ዚርከብ ባእታ ኣለርጂ (ቍጠዐ ኣካል) ከም ዝገበረልኪ ትፈልጢ እንተ ኾይንኪ ወይ ቅድሚ ሽዑ ዝወሰድክዮ ክታበት: ኣለርጂ ፈጢሩልኪ እንተ ኔሩ'ውን ሓብሪ።

## ክታበት ንሓደ ወቕቲ ይጸንሕ

ውጽኢት ክታበት ኢንፍሉዌንዛ ካብ **6** ክሳዕ **9** ኣዋርሕ ይጸንሕ፤ ማለት ነቲ ናይቲ ወቕቲ ኢንፍሉዌንዛ ኣኻሊ'ዩ። እዚ ክታበት ካብ ሰለስተ ዓይነታት ኢንፍሉዌንዛ ይከላኸል። እዞም ዓይነታት ኢንፍሉዌንዛ ጸጸኒሖም ይቀያየሩ፤ ስሕት ኢሎም ከኣ ሓደስቲ ቫይረሳት ይቀላቐሉ። ምእንትዚ: እቲ ዚወሃብ ክታበት ኣብ ወወቕቱ ይቕየር።

## ነፍሰ-ጾራት ኢንፍሉዌንዛ ኪሕዘን ከሎ ናብ ሕክምና ይኺዳ

ነፍሰ-ጾራት: ብፍላይ ኣብ ዳሕረዋይ እዋን ጥንሰን ጽኑዕ ሕማም ኢንፍሉዌንዛ ኪሕዘን ከም ዚኽእል ኪፈልጣ ኣገዳሲ'ዩ። ኢንፍሉዌንዛ ከም ዝሓዘኪ ትጥርጥሪ እንተ ኾይንኪ: ዋላ'ኳ ብጽኑዕ እንተ ዘይሓመምኪ: ዘለኽዮ ናይ ጥንሲ ሰሙን ብዘየገድስ: ከይወዓልኪ ከይሓደርኪ ምስ ኣገልግሎት ሕክምና ርክብ ግበሪ። ንኣብነት: እዋን ከይሓለፈ ከሎ: ብዝበለጸ ኪሕግዝ ዚኽእል ጸረ-ቫይረስ መድሃኒት ከድልየኪ ይኽእል'ዩ።

## ኣብዚ ዚስዕብ ተወሳኺ ሓበሬታ ምንባብ ይከኣል:-

ንክታበት ጸረ-ኢንፍሉዌንዛ ዚምልከቱ ጭብጥታት ኣብ 1177 ቮርድጋይደን (Vårdguiden):
www.1177.se/Vastra-Gotaland/Fakta-och-rad/Behandlingar/Vaccination-mot-influensa/

ንኢንፍሉዌንዛን ጥንስን ዚምከቱ ጭብጥታት ኣብ መርበብ ኢንተርነት "ኢንፍፐረግ" (Infpreg):
www.medscinet.se/infpreg/publicInfoMore.aspx?topic=31

ንጐድናውያን ሳዕቤናት ዚምልከቱ ጭብጥታት ኣብ መርበት ኢንተርነት ወኪል መድሃኒት ሽወደን።
www.lakemedelsverket.se/malgrupp/Allmanhet/Att-anvanda-lakemedel/Biverkningar/